# ምስ ናይ ውላድኩም መምህርን ቤት ትምህርትን ከመይ ከም እትዘራረቡ



ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝያዳ ዕውታት ዝኾነ ወለዶም/ሓለውቶም/ስድራቤቶምን መማህራኖምን ነንሕድሕዶም ክዘራረቡ ከለዉ እዩ።

እዚ ዝርርብ እዚ ብጽሑፍ፣ ብስልኪ፣ ብኢመይል ወይ ብኣካል ክኸውን ይኽእል እዩ።

ምስ ናይ ውላድኩም መምህር እንትትዘራረቡ፣ ነቲ መምህር ብዛዕባ ውላድኩም ዝያዳ ንክፈልጥ ትሕግዝዎ ኣለኹም። እቲ መምህር እውን ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ከም ዘሎ ንክትርድኡ ይሕግዘኩም።

እዚ መምርሒ እዚ ብዛዕባ ናይ ውላድኩም መምህርን ቤት ትምህርትን ብኸመይ ምሳኹም ከም ዝራኸቡን ንስኹምከ ብኸመይ ምሳታቶም ክትራኸቡ ከም እትኽእሉን ዝያዳ ሓበሬታ ይህበኩም።

## ውላድኩም ኣብ ቅድመ መዋእለ ህጻናት እንተሃልዩ

እቲ ናይ ቅድመ ህጻንነት መምህር (ECE) ስልኪ ክድውል ወይ ኢመይል ክልእኽልኩምን ዓርሱ ከፋልጥን ናይ መራኸቢ ሓበሬታኡ (ኢመይልን ቁጽሪ ስልክን) ክህበኩምን እዩ። ብኸመይ ክትርከቡ ከም እትደልዩ እውን ክሓትኹም እዮም። ንክድውልልኩም ወይ ኢመይል ንክሰድልኩም ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ተርጓሚ እንድሕር ትደልዩ እውን ክትነግሩዎም ትኽእሉ ኢኹም።

## ውላድኩም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ክሳብ 12 ክፍሊ እንተሃልዩ

እቲ ቤት ትምህርቲ ወይ መምህር ሓበሬታ እንተሃልይዎም፣ መብዛሕትኡ ግዜ ብጽሑፍ ይልእኹልኩም።

ጋዜጣ፣ ደብዳበ፣ ወይ ካልኦት ወረቐታት (ቅጥዒ፣ ናይ ፍቓድ ወረቐት፣ ወዘተ) ክትቕበሉ ትኽእሉ ኢኹም። ሓበሬታ ብኢመይል ወይ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታ ክለኣኽ ይኽእል።

እዚ ሓበሬታ'ዚ ሓፈሻዊ መፍለጢ፣ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ፍጻመ፣ ወይ ክትፍረምዎ ዘለኩም ፍቓድ ቅጥዒ፣ ከም ቅጥዒ፣ ውላድኩም ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ጉዕዞ ንክኸይድ።

**ካብ ቤት ትምህርቲ ዝኾነ ሓበሬታ ከይሓልፈኩም ከተረጋግጹ እትኽእሉ ገለ መገድታት እንሆ፡-**

- ንውላድኩም እቲ ቤት ትምህርቲ ንዓኹም ዝልእኾ ዝኾነ ሓበሬታ ክህበኩም ኣዘኻኽርዎ።
- ኣብ ናይ ውላድኩም ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርሳ ደብዳበ ወይ ካልኦት መፍለጢታት እንተሃልዮም ረኣዩ።
- ኣብ ገዛኹም ንናይ ቤት ትምህርቲ መፍለጢታት ዝኸውን ቦታ ፍጠሩ፡- ንውላድኩም ናይ ቤት ትምህርቲ መፍለጢታት ኣብዚ ቦታ ንክቕምጡ ንገርዎም።
- ካብቲ ቤት ትምህርቲ ዝተልኣኸ ኢመይል ከይህሉ ኢመይልኩም ረኣዩ።
- ሓድሽ ሓበሬታ ንምርካብ እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታ ረኣዩ።
- ሓበሬታ እንተሃልይዎም ንክድውልልኩም ወይ ኢመይል ንክልእኽልኩም ነቲ ቤት ትምህርቲ ሕተትዎም።

## ሓገዝ እንተደሊኹም

**ካብዞም ዝስዕቡ ክትድውሉ ወይ ኢመይል ክትልእኹ ትኽእሉ ኢኹም፡-**

- ናይ ውላድኩም መምህር ወይ ECE
- ናይ ወላዲ መራሒ
- ኢንግሊዘኛ ከም ተወሳኺ ቋንቋ ወይ ፈረንሳይኛ ከም ተወሳኺ ቋንቋ መምህር
- ናይ ቤት ትምህርቲ ኣማኻሪ
- ናይ ቤት ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት
- ሰራሕተኛታት SchoolsPlus
- ናይ YMCA ቤት ትምህርቲ ሰፈራ ወይ ናይ YREACH ሰራሕተኛታት
- ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት ፈረንሳይኛ ተዛረብቲ

## እንድሕር ነቲ ቤት ትምህርቲ ወይ መምህር/ECE ክተዛርቡ እንተደሊኹም

ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ወይ መምህር/ECE ክትካፈልዎ እትደልዩ ሓበሬታ ክህልወኩም ይኽእል እዩ። ወይ ክትሓትዎ እትደልዩ ሕቶ ክህልው ይኽእል። ክትረኽብዎም እትኽእልሉ መገዲታት፡-

- ናይቲ ቤት ትምህርቲ ወይ መምህር/ECE ምድዋል። መልእኽቲ ክትሓድጉ እንተድልይኩም፣ ምሉእ ስምኩም፣ ቁጽሪ ስልክኹም፣ ምሉእ ስም ውላድኩም፣ ከምኡ'ውን ክድውሉልኹም ዝኽእሉሉ ዝበለጸ ሰዓት ክትሕብሩዎም ኣለኩም።
- ናይቲ ቤት ትምህርቲ ወይ መምህር/ECE ኢመይል ምልኣኽ። ሙሉእ ስምኩምን ሙሉእ ናይ ውላድኩም ስምን ከምዝገለጽኩም ኣረጋግጹ።

## ምስቲ ቤት ትምህርቲ ወይ መምህር/ECE ንምዝራብ ሓገዝ እንተደሊኹም

- ተርጓሚ ሕተቱ።
- ንናይ YMCA ቤት ትምህርቲ ሰፈራ/ንናይ YREACH ሰራሕተኛታት ወይ ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት ፈረንሳይኛ ተዛረብቲ ንክሕግዙኹም ሕተቱ።

## ሓፈሻዊ ኣኼባ

መብዛሕትኦም ቅድመ መዋእለ ህጻናትን ቤት ትምህርትታትን ኣብ መጀመርያ ናይ ትምህርቲ ዓመት፣ ወይ ኣብ መጀመርያ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ንወለድን ሓለውትን ሓፈሻዊ ፍጻመ የካይዱ። እቲ ቤት ትምህርቲ ድማ ነዚ "ናይ ስርዓተ ትምህርቲ ምሸት፣" "ምርኻብ መምህራን ምሸት፣" ወይ "ክፉት ገዛ" እናበሉ ይጽውዕዎ።

ኣብዞም ፍጻመታት እዚኦም ምስቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ሰባት ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ንኣብነት ምስ ናይ ውላድኩም ECE ወይ መምህር፣ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ፣ ካልኦትን። ብተወሳኺ ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ናይ ቤት ትምህርቲ መደብ ክትፈልጡ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክትዘሩን ኣብ መዓልቲ ቤት ትምህርቲ እንታይ ከም ዝካየድ ክትፈልጡን ትኽእሉ ኢኹም።

ምስ ናይ ውላድኩም መምህር ወይ ምስ ECE ብዛዕባ ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ይሰርሕ ከም ዘሎ ወይ እንተ ኣተሓሳሲብኩም ንመምህር/ECE ብኢመይል ወይ ብስልኪ ኣዘራሪብኩም ቆጸሮ ኣትሕዙ።

## ኣኼባ ምስ ECE ወይ መምህር

ውላድኩም እንድሕር ኣብ **ቅድመ መዋእለ ህጻናት** ኮይኑ፣ ብዛዕባ ውላድኩም ከመይ ይመሃር ከም ዘሎ ንምዝርራብ እቲ ECE ቆጸሮ ክትሕዙኩም እዩ። እቲ ኣኼባ ብስልኪ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ብኢመይ ኣቢሉ፣ ወይ ብቨርችዋል ኣኼባ (ከም Zoom)።

ውላድኩም እንድሕር **ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ክሳብ** 12 ክፍሊ እንተሃልዩ፣ ናብ ናይ ወላዲ-መምህር ኣኼባ ብስልኪ፣ ቨርችዋል ኣኼባ፣ ወይ ብኣካል ክትዕደሙ ኢኹም። እዞም ኣኼባታት እዚኦም ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ይካየዱ። እቶም ዕለታት ኣብቲ ናይ ቤት ትምህርቲ መቑጸሪ መዓልቲ ክትረኽብዎም ኢኹም። ሓበሬታ፣ ከመይ ቆጸሮ ከም እተትሕዙ ሓዊሱ፣ ምስ ውላድኩም ናብ ገዛ ክለኣኽ እዩ ወይ ኢመይል ክግበረልኩ እዩ።

እዞም ኣኼባታት እዚኦም ምስ ናይ ውላድኩም መምህር ክትዘራረቡ ዕድል ይህበኩም። ብዛዕባ ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝገብሮ ዘሎ ምዕባለ፣ ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ናይ ትምህርቲ ወረቐት፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ውላድኩም ከመይ ይሰርሕ ከም ዘሎን እንታይ ዓይነት ደገፍ ከም ዘድልዮን ዘተሓሳስብኩም ወይ መምህሩ ዘተሓሳስቦ ነገራት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

### ነቲ ናይ ወላዲ-መምህር ኣኼባ ከመይ ከምእትዳለዉ

- ውላድኩም ብዛዕባ እቲ ቤት ትምህርቲ እንታይ ከም ዝፈቱን እንታይ ከም ዘጸግሞን ምእንቲ ክትፈልጡ ቅድሚ ኣኼባ ምስ ውላድኩም ተዘራረቡ።
- ነቲ መምህር ክትሓትዎ እትደልዩ፣ ዘተሓሳስበኩም ነገራት፣ ወይ ሓበሬታ ሕሰቡ። ንከይትርስዕዎ ጸሓፍዎ።
- ኢንግሊዘኛ ወይ ፈረንሳይኛ እንድሕር ዘይትዛረቡ ድማ ንትርጓሚ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ንናይ YMCA ቤት ትምህርቲ ሰፈራ/ንናይ YREACH ሰራሕተኛታት ወይ ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት ፈረንሳይኛ ተዛረብቲ ሕተትዎም። ናትኩም ቋንቋ ዝዛረብ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛ'ውን ክህሊ ይኽእል እዩ። ነዚ ሓገዝ እዚ ኣቐዲምኩም ነቲ ቤት ትምህርቲ ሕተትዎ። ውላድኩም እውን ምሳኹም ክትወስድዎ ትኽእሉ ኢኹም።
- ቅድሚ እቲ ኣኼባ ቅድሚ 5 ደቒቓ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ክትርከቡ ኣለኩም።
- ድሕሪ እት ኣኼባ ንውላድኩም ኣዛርብዎ። ብዛዕባ እቲ ምስቲ መምህር ዝገበርኩምዎ ጽቡቕ ምይይጥ፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ እቲ ንስኹም ወይ እቲ መምህር ዘተሓሳሰበኩም ነገራት ንገርዎም። እቶም ዘተሓሳስቡ ነገራት ንምፍታሕ ንስኹምን እቲ መምህርን እንታይ ትልሚ ከም ዝገበርኩም ኣረድእዎም።
- ድሕሪ'ቲ ኣኼባ፣ ዋላ'ኳ ነገራት ጽቡቕ እንተኸዱ፣ ምስ ናይ ውላድኩም መምህር ርክብ ግበሩ።

**ንናይ ውላድኩም መምህር ክትሓትዎም እትደልዩ ሕቶታት፦**

- ውላደይ ምስ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ይላመድ ኣሎ?
- ኣብ (ስም ዓይነት ትምህርቲ) ከመይ ዓይነት ለውጢ የርኢሎ?
- ኣብ ዝኾኑ ዓይነታት ትምህርቲ ውላደይ ተወሳኺ ሓገዝ ይረክብሎ ዶ?
- ውላደይ እንታይ ዓይነት ሓገዝ እዩ ዝቕበል ዘሎ?
- ውላደይ ኣብ ገዛ ብኸመይ ክሕግዞ ይኽእል?
- ውላደይ ምስ ካልኦት ተምሃሮ ከመይ ይኸይድሎ?

## ናይ PowerSchool ተማሃራይ-ወላዲ ፖርታል

PowerSchool ከም ስነ ህዝቢ፣ ክትትል፣ ባህሪ፣ ዓወትን መደባትን ዝኣመሰሉ ሓበሬታታት ተምሃሮ ብኤለክትሮኒካዊ ኣገባብ ዝሕሉ ናይ ሓበሬታ ስርዓት እዩ። ተማሃሮን ወለዲ/ሓለውቲን ኣብ PowerSchool's ተምሃራይ-ወላዲ ፖርታል ብምእታው ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ስም ተጠቃምን መእተዊ ቁልፍን ካብ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ምምሕዳር ሕተቱ።

**እቲ ናይ ተመሃራይ-ወለዲ ፖርታል ብዛዕባ ውላድኩም ኣብ ሓቂ-ግዜ ሓበሬታ ዝህበኩም ናይ፦**

- ክትትል
- ነጥብታት
- ዕዮ ገዛታት
- ናይ መምህር ርእይቶታት
- ናይ ቤት ትምህርቲ መፍለጢታት

ብዛዕባ እቲ ፖርታል ዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ "ተምሃሮን ወለድን" ዝብል ክፋል እቲ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፦ [ተምሃሮን ወለድን | ትምህርትን ምዕባለ ቅድመ ቁልዕነት (ednet.ns.ca)](ednet.ns.ca)።

## ሓበሬታኹም ሚስጥራዊ እዩ።

እቲ ናይ ውላድኩም መምህር/ECE ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ተሞክሮ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ስራሕ፣ ወይ ኩነታት ስድራቤት ምስ ካልኦት ስድራቤታት ወይ ኣባላት ማሕበረሰብ እቲ ሓበሬታ ኣይካፍልን እዩ። እቲ መምህር ምስ ካልኦት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ብምዝርራብ ንውላድኩም ዝበለጸ ድጋፍ ንምሃብ ክመኻኸር ይኽእል እዩ። እዚ እውን ሚስጥራዊ እዩ ክኸውን። እቲ መምህር ንውላድኩም ደገፍ ንምርካብ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ናብ ዝርከብ ትካል ክኸይድ እንተኾይኑ ናይ ስምምዕ ወረቐት ክትፈርሙ ክሓተኩም እዩ።

ብመሰረት ሕጊ፣ መማህራን ኣብዘም ዝስዕቡ ኩነታት፣ ከም ፖሊስ ዝኣመሰሉ መሻርኸቲ ማሕበረሰባዊ ኣገልግሎት ክሕብሩ ግዴታ ኣለዎም፦

- እንድሕር ሓደ ቆልዓ ንዓርሱ ወይ ካልእ ሰብ ኣብ ናይ ምጉዳእ ሓደጋ እንተሃልዩ
- እቲ መምህር ሓደ ቆልዓ ይግፋዕ ወይ ይጉዳእ ከም ዘሎ እንተ ኣሚኑ ወይ እንተ ፈሊጡ
- እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ መምህር ጸብጻብ ንክገብር እንድሕር ኣዚዙዎ
- እቲ ቆልዓ ነቲ መምህር ጸብጻብ ንክገብር እንድሕር ሓቲትዎ
- እቲ መምህር ብመሰረት ሕጊ ሓርነት ሓበሬታ ናይ ግላዊነት ምክልኻል *ጸብጻብ ክገብር እንተደኣ ተሓቲቱ*

## ርከብ ሓበሬታ

ንዝበለጸ ሓበሬታ፣ ንዞባዊ ማእከል ትምህርቲ (RCE) ወይ Conseil scolaire acadien provincial (CSAP) ርኸብዎም።

- **Annapolis Valley Regional Centre for Education** (AVRCE)
- **Cape Breton-Victoria Regional Centre for Education** (CBVRCE)
- **Chignecto-Central Regional Centre for Education** (CCRCE)
- **Conseil scolaire acadien provincial** (CSAP)
- **Halifax Regional Centre for Education** (HRCE)
- **South Shore Regional Centre for Education** (SSRCE)
- **Strait Regional Centre for Education** (SRCE)
- **Tri-County Regional Centre for Education** (TCRCE)
- **SchoolsPlus**ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ደገፋትን ይህብ፣ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ Nova Scotia ድማ ይርከብ

ኣብ ማሕበረሰብኩም ሓገዝ ንምርካብ፦

- **YMCA ትምህርቲ ሰፈራ** – ኣብ Halifax ዞባዊ ምምሕዳር (HRM) ይርከብ
- **YREACH** – ኣብ መላእ ኣውራጃ ይርከብ (ካብ HRM ወጻኢ)
- **ኢሚግሬሽን ፈረንሳይኛ ተዛረብቲ** – ኣብ ቤት ትምህርትኹም ብዝርከብ ናይ ምምሕዳር ሰራሕተኛ ክትረኽብዎ ትኽእሉ

20231101